# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 30 ዓመት ቁ.4 | ዓርቢ 4 መስከረም 2020 | ገጻት 4 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዓወት ኣብ'ቶም ተስፋ ዘይቆርጹ'ያ እትርከብ!



ገጽ 3
ሓለዋ ንጽህናን ሕማም ኮሮናን



ገጽ 4
ሳዕቤናት ፍርያት ፕላስቲክ ኣብ ብከላ ባሕሪ




## ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

ኣብ መወሸቢ ማእከላት ኣዲባራን ሸላሎን - ዞባ ጋሽ-ባርካ ትማሊ 3 መስከረም ብዝተገብረ ናይ ላቦራቶሪ መርመራታት፡ 11 ዜጋታት ብኮሮና ቫይረስ ምልካፎም ተረጋጊጹ ኣሎ።

እዞም ዜጋታት፡ 10 ኣብ መወሸቢ ማእከል ኣዲባራ፡ ሓደ ድማ ኣብ መወሸቢ ማእከል ሸላሎ ተዓቚቦም ዝጸንሑ እዮም።

ብምልኣም ድማ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት ብፍኑው ካብ ሱዳን ዝተመልሱ ምኻኖም ተፈሊጡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብኮሮና ቫይረስ ምልካፎም ተረጋጊጹ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም ዝጸንሑ 11 ዜጋታት፡ ምሉእ ብምሉእ ሓውዮም ናብ ቤቶም ተፋንዮም ኣለው።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኤርትራ ጠቕላላ ቁጽሪ ብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፉ ዜጋታት፡ ክሳብ ሎሚ 330 በጺሑ'ሎ።

295 ካብ'ዚኦም ብዝተገብረሎም ሕክምናዊ ክንክን ሓውዮም ካብ ሆስፒታል ክፋነዉ ከለዉ፡ 35 ድማ ኣብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም ይርከቡ።

ሚኒስትሪ ጥዕና
3 መስከረም 2020

## ደቀምሓረ - ጥንታዊ ህንጻታት ክዕቀቡ ይሕተት




## ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ንባሕቲ መስከረም ብሓበን ይጽምብሉ

ኤርትራውያን ነበርቲ ሮማ - ኢጣልያ፡ ሪያድ - ስዑዲ ዓረብን ጁባ - ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳንን 31 መስከረም - መበል 59 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብልዑል ሓበን ጸምቢሎም።

ብ30 ነሓሰ ኣብ ሮማ፡ ብ31 ነሓሰ ኣብ ሪያድ፣ ብ1 መስከረም ድማ ኣብ ጁባ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደባት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ዶክተር ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ፈጻሚት ጉዳያት ኢምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር፡ ከምኡ'ውን ቈንስል ኤርትራ ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣቶ ጺጋይ መሓሪ ኑቲ ዕለትን ርዝነቱን ብዝምልከት መግለጺታት ሂቦም።

ንኣቶም ኣሰዒቦም፡ ንትርጉም ባሕቲ መስከረምን ኣብ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንእትሕዞ ፍሉይ ቦታን ብምጥቃስ፡ 24 ግንቦት ወላዲ ባሕቲ መስከረም ምኻና ኣብሪሆም።

እቲ ናይ ዝኽሪ መሰናድኣታት፡ ኑቲ ዕለት ብዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ ትሕዝቶ ምድማቑ ከኣ ቦታኡ ዝጸሓፍና ሓበሬታ ኣረዲኡ።




ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን ዝተሃንጹ ዝተፈላለዩ ቅድታት ዘለዎ ጥንታዊ ህንጻታት ናይ ምዕቃብ ተበግሶታት ክድፋኣሉ፡ ጸውዒት ቀሪቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ባህልን ስፖርትን ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ ኪዳነ ፍስሃየ ንኤርና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ታ ከተማ ክሳብ 50 ዝበጽሕ ንመንበሪ፡ ኣብያተ ንግዲ፡ መዛናግዒ፡ ኣብያተ-እምነት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ትሕተ-ቅርጺ ሕርሻ ዘገልግሉ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ዝተሃንጹ ኣብይቲ ከምዘለዉ ገሊጹ።

ዝበዝሑ ካብ'ቶም ህንጻታት ኣብ ከባቢ ማእከል ከተማ ከምዝርከቡ ዝሓበረ ኣቶ ኪዳነ፡ ብዙዕበኦም ኣፈናዊ መጸናዕቲ ንምክያድ፡ ብምውህሃድ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ቱሪዝምን ዝተወሰዱ ተበግሶታት'ኳ እንተሃለዉ፡ እቲ ዕማም ዓሚቝ ሞያዊ ኣበርክቶ ዝሓትት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ክኢላ ስነቅርሲ ኣቶ ዘና ያቆብ ብወገኑ፡ ኣብቶም ጥንታውያን ህንጻታት፡ ሰኣን ኣፍልጦ፡ መባቚላዊ ኣቃውማኦም ዘይሓለወ ናይ ምጽጋንን ምልካይ ሕብርን ተርእዮታት ከምዘጋጥም ብምሕባር፡ ከምዚ ዓይነት ተርእዮታት ንታሪኻውነቶምን ስሓቦኦምን ዘህስስ ስለዝኾነ፡ ጥንቃቐ ክግበር ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ቱሪዝም ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኪዳነ ለኣከ ብወገኑ፡ ንታሪኻውነትን ኣገዳስነትን ናይቶም ህንጻታት ብምጥቃስ፡ ንምዕቃቦም ዝወሰድ ሞያዊ ተበግሶታት ብወህደት ክኸይድ መሰረታዊ ምኻኑ ሓቢሩ።

ከተማ ደቀምሓረ፡ ንከተማታት ኣስመራን ከረንን ሰዒባ፡ ብኣርትዴኮዊ ህንጻታት እትፍለጥ ከተማ እያ።

## ሕርሻ ገርሰት፡ ንህዝቢ ናይ ስራሕ ዕድል ይፈጥር

ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት ብዘፈጠረሎም ናይ ስራሕ ዕድል፡ ማሕበራውን ቁጠባውን መነባብሮኦም ከመሓይሹን ሞያዊ ስራሕ ክጥርዩን ከምዝበቕዑ፡ ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ገሊጾም።

እቲ ኣብ ትሕቲ ዲጋ ዝለምዐ ፕሮጀክት ዓመት ምሉእ ዘቋርጽ ናይ ስራሕ ዕድል ከምዝፈጠረሎም ዝሓበሩ እቶም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ብዘይካ'ቲ ስራሖም ዝረኽብዎ ረብሓ፡ ምስ ዘመናዊ መስኖኣዊ ሕርሻ ክላለዩ'ውን ከምዝሓገዞም ኣረዲኦም።

ኣካያዲ ስራሕ ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት ኣቶ ኣማኑ ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ፕሮጀክት ዝሰላሰል ክረምታውን መስኖኣውን ሕርሻ እናሰፍሐ ምስ ምምጻኡ፡ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ሽቕለት ዝጸንሑ ነበርቲ እናወሰኸ ከምዝኸደ ብምሕባር፡ ምስቲ ዝጋበረሎም ፕሮግራማትን ዓይነታውን ክፍሊት፡ ኣምር ዘመናዊ ሕርሻ ክሕዙ እውን ብዕቱብ ከምዝሰርሑ ገሊጹ።

ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ምርባሕን ምስባሕን ጥሪትን ዝጠመተ ኣብ ትሕቲ ዲጋ ገርሰት - ንኡስ ዞባ ጎልጅ ዝለምዐ ካብ ዓበይቲ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ሕርሻ እዩ።

# ደቂ-ኣንስትዮ

ማርታ ክብሮም

## ዓወት ኣብ'ቶም ተስፋ ዘይቆርጹ እያ እትርከብ!

ሰባት ኑቲ ዘይምክኣለይ እየም ዝርእዩ፡ ኣነ ግና ኑቲ ምኽኣለይ'የ ዝርኢ፣ "እታ ዘይትኽእል" ኢሎም ደማ ይጽውዑኒ፡፡ ኣነ ግና ንሰበይ "እታ ዓበን ፍሉይ ክእለት ዘለዋን" ኢለ ይጽውዑ፡፡ ኣብ ሂወት ዘጋጥሙ ሓደጋታት ኣለዉ፣ እዞም ሓደጋታት ከሰናኽሉኻ፥ ክሰብሩኻ ይኽእሉ ይኾኑ፡፡ እንተኾነ ናብ ሓደ ዝበለጸ ነገር'የም ዝወስዱኻ፣ ንዓይ'ውን ልክዕ ከምዚ'ዩ ኣጋጢሙኒ፡፡

ኣብ መበል 18 ዓመተይ'ዩ ኣቦይ ብዘይ ድሌተይ ኣመርዕዩኒ፡፡ ኣነ ንኣቦይ ከለገስ ኢለ ተመርዕየ፡፡ ብርግጽ ድማ ዘለገሰ መርዓ ኣይነበረን፡፡ ድሕሪ ክልተ ዓመት መርዓና፡ ምስ በዓል ቤተይ ብመኪና እናተጓዓዝና ከለና፡ ሃንደበት ድቃስ ምስ መጾ ኑታ ዝዘውራ ዝነበረ መኪና ክቆጻጸራ ብዘይምኽኣሉ፥ ተተሓሒዝና ናብ ገደል ጸደፍና፡፡ ንሱ ኣጢሩ ክወጽእ ከሎ ኣነ ግና ኣብታ ዝተጨፍለቐት መኪና ስለዝተረፍኩ፥ ኣብ ከብዲ ጉምቦ ኢደይ፥ ኣብ ክሳደይን መንከብደይን ዝርከብ ዓጽሚ መስበርትቲ ኣጋጢሙኒ፡፡ ብምልኡ መሰናግለይ'ውን ተሰቢሩ፡፡ ብሰንኪ መስበርቲ መሰናግለይ ሳንቡኣይን ጸላም ኩብደይን ብኸቢድ ተሃስየን፡፡



ብዘሎ፡ኡ ከስተንፍስ ኣይክእልን ኔረ፡፡ ሰለስተ ካብ ኣዕጽምቲ ዓንዲ ሕቆይ ምሉእ ብምሉእ ስለዝተሰብረ'ውን ክንቀሳቐስ ኣይክኣልኩን፡፡ ኣብ ሆስፒታል ንልዕሊ ክልተ ወርሒ ደቂሰ ብዙሕ መጥባሕቲ ኣካዪደ፡፡

ሓደ ግዜ ሓደ ዶክተር መጺኡ ከምዚ በለኒ - "ቀባኢት ክትከውኒ ኢኺ ትደልዪ ኔርኪ! ይቕሬታ ግበርለይ ክትቀብኢ ኣይትኽእልን ኢኺ፣ ምኽንያቱ ኣብ ኣእዳውኪ ዝርከብ ኣዕጽምቲ ስለዝተሰብረ ርሳስ ክትሕዚ ኣይትኽእልን ኢኺ..." ኢሉኒ ከደ፡፡ ንጽባሒቱ ውን ካልእ ዶክተር መጺኡ፥ "ዓንዲ ሕቆኺ ብከቢድ ተሃሲዩ ኣሎ፣ ስለዚ ክትንቀሳቐሲ ኣይትኽእልን ኢኺ፣ ክትወልዲ'ውን ኣይትኽእልን ኢኺ" በለኒ፡፡

ኣብታ መዓልቲ ብጣዕሚ'የ ጉህየ ወዒለ፡፡ ንኣደይ ድማ እናበኸኹ "ንምንታይ እዚ ኹሉ ንዓይ የጋጥመኒ?" በልክዋ፡፡ ንምንታይ ይኑበር ኣለኹ ኢለ ክሓስብ ጀሚረ፡፡ ሽዑ ሓደ ነገር'ዩ ተረዲኡኒ - ቃላትካን ኣተሓሳስባኻን ክፍውሱኻ ከምዝኽእሉ፥ ኣደይ'ውን "እዚ ውን ክሓልፍ'ዩ፣ እንታይ ምኻኑ ኣይፈልጥን ግና፡ ከምዚ ኢልኪ ኣይክትነብርን ኢኺ..." ኢላ ኣጸናንዓትኒ፡፡

ሓደ ግዜ እቲ ኣብቲ ሆስፒታል ዝበረ ጸዕዳ ሕብሪ መንደቕ ጸሊኣዮ ስለዝነበርኩ፥ ንኣሕዋተይ ሕብርታት ከምጽኡለይ ነገርክዎም፡፡ ቀዳመይቲ ቅብኣይ ድማ ኣብ ናይ ሞት ዓራተይ ኮይነ ዝሰኣልክዋ'ያ፡፡ ቅብኣ ጥራይ ኣይኮነትን ኔራ፣ ፈውሰይ ውን'ያ ኔራ፡፡

ካብ ሆስፒታል ወጺአ ንገዛይ ምስ ከደኩ ቃንዛ ሕቖይ ይብርትዓኒ ስለዝነበረ፥ ኮፍ ክብል ኣይክኣልኩን፡፡ ንኽልተ ዓመት ድማ ኣብ ዓራት ክደቅስ ተገዲደ፡፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዓራተይ ኮይነ ድምጺ ኣዕዋፍ ጥራይ'የ ክሰምዕ ዝኽእል ኔረ፡፡ ኮፍ ኣብ ዝበልኩላ ሰዓት ማዕረ ክንደይ ዕድለኛታት ምኻንና ከሆርር'የ ኢለ ሓሲበኩ፡፡ እንሆ ድማ ሎሚ ኣብዛ ዓራቢያ መንበረይ ኮይነ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናተንቀሳቐስኩ ኣስተምህሮ ይህብ ኣለኹ፡፡

ድሕሪዚ ምስ ፍርሐይ'የ ክቃለስ ጀሚረ፡፡ ኩላትና ንፈርሕ ኢና - ገዛዘበን ሰባትን ከይንኸስር ንፈርሕ፡፡ ኣነ'ውን ንኹሉም ፍርሐይ ክስዕሮም ከምዝለኒ ሓሲበ፡፡ እቲ ቀዳማይ ፍርሐይ ፍትሕ'ዩ ኔሩ፡፡ እንተኾነ ንሱ ናጻ ክኸውን ስለዝነበሮ፡ ተፋቲሕና፡፡ ኣብ መዓልቲ መርዓኡ ድማ ከም ዝተሓጎስኩ ዝገልጽ መልእኽቲ ሰዲደሉ፡፡ እቲ ካልኣይ ፍርሐይ ክወልድ ብዘይምኽኣለይ'ዩ ኔሩ፣ ግና ኣብ ዓለም ብዙሓት ህጻናት ኣለዉ፣ ብዘይ ስድራ ዝዓብዩ፡፡ ስለዚ ካብ መዕበዩ ቈልዑ፥ ቈልዓ ወሲደ ክዕቢ ጀሚረ፡፡

ምስ ህዝቢ ወጺአ ክላለ ጀሚረ፣ ኣብ ማሕበር ምትሕግጋዝ ሰንኩላን ተጠርኒፈ፡ ድማ ኑየም ካብ ናተይ ዝኸፍእ ሰንክልና ዝለዎም ሰባት ክሕግዞ ተንቀሳቒሰ፡፡ ኣብ ዝተፈላለየ መራኸቢ ብዙሃን ቀሪበ ድማ ዝተፈላለየ መደባት ከቕርብ ጀሚረ፡፡ ደቀንስትዮን ህጻናትን መሰሎም ክሕለወሎም ኻዕዳስ የካይድ'የ፡፡ ኩሉ ግዜ ብብሩህ ገጽ'የ ኣብ ህዝቢ ዝቐርብ፡፡ ብዙሕ ሰብ ከኣ፥ "ኩሉ ግዜ ፍሽኽታ ካብ ገጽኪ ኣይፍለን'ዩ፣ ምስጢር ሓጎስኪ እንታዩ?" ኢሎም ይሓቱኒ'የም፡፡ ብዝዕባ'ቲ ክረኽቦ ዘይክእል ነገራት ምሕሳብ ኣቋሪጸ'የ፡ በቲ ኣብ ኢደይ ዘሎ ነገራት'የ ዝሕጎስ፡፡

ንሰብሻ ከምታ ዘለዋ ተቐበልዋን ኣፍቅራ፡፡ ንሰብሻ ከየፍቀርካ ንኻልኦት ሰባት ከተፍቅር ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ሂወት መሰናኽል ስለዘለዋ ከቢድ'ያ፣ እንተኾነ ንሰብሻ ኣሚንካ ክትኑበር ምስ ጀመርካ'ያ ዓለም ትፈልጠካ፡፡ ተስፋ ከይቆረጽካ ንቕድሚት ንጎዓዝ ምኽንያቱ ዓወት ኣብቶም ተስፋ ዘይቆርጹ'ያ ትርከብ፡፡

---

## ምክንኻን ጥዕና ደቂ-ኣንስትዮ

ምህናጽ ጥዑያት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ምህናጽ ጥዑይ ሕብረተ ሰብ'ዩ፡፡ እቲ ምንታይ'ሲ ደቀንስትዮ ኣብ ምፍራይን ምቕላስን ዜጋታት ዓቢ እጃም ስለዘበርክታ፡፡ ደቀንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ብዘበጽሓ ዝተፈላለዩ ጥንቃቐታት ብምግባር ጥዕንአን ክሕልዋ ይግባእ፡፡ ንሎሚ ካብቲ ብዙሕ ኣገባባት ገለ ቅሩብ ነጥብታት ከቕርብ ኢና፡፡

### ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ

ኣእካል፡ ፍረታት፡ ኣሕምልትን ውሁድ ዓቕን ካፌይንን (ኣብ ሻሂ፥ ቡንን ኮኳን ዝርከብ ባእታ) ምምጋብ ዝበለጸ'ዩ፡፡ ሰቕ ኢልካ ምምጋብ ግና ንብይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን፡፡ ንኣብነት፡ ኣሕምልቲ ክትምገቢ ከለኺ፣ ኣየናይ ዓይነት'ዩ ዝበለጸን ዚያዳ ትምገብዮን፣ ብኸመይ ተዳልወዮን ምፍላጥ'ውን ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ቁርሲ ዚያዳ ካልእ ሓይሊ ዝህብ ስለዝኾነ ብዙተኻእለ መጠን ቁረሲ፡፡ እንተተረኺቡ ፋል፡ ኣጃን እንጣጢዕን ሓይሊ ዝህቡ መግብታት ስለዝኾኑ ኣብ ቁርሲ እንተተመገብክዮም ዝሓሸ'ዩ፡፡ ኣዕጽምትኺ ብዝግባእ ንኽትሩን ክድልደሉን ካልሸየም ብመልክዕ መድሃኒት ወይ መግቢ ከም ጸባን ዓሳን ተመገቢ፡፡

### ብብዝሒ ፈሳሲ ምስታይ

እኹል ፈሳሲ ምስታይ ፈውሲ ናይ ፍርቂ ሕማማት ምርካብ ማለት'ዩ፡፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 7-8 ብኬሪ ማይ ክትሰትዩ ኣለኩም፡፡ ብተወሳኺ ልዑል ዓቐን ቫይታሚን ዘለዎም ከም ጽማቕ ማንጎ፥ ፓፓዮን ማንጎን ሰተዩ፡፡

### እኹል ዕረፍቲ

መብዝሕትአን ደቀንስትዮ ብሰንኪ ስራሕ ገዛን ምእላይ ስድራ ቤትን እኹል ዕረፍቲ ወይ ድቃስ ኣይረኽባን'የን፡፡ ኣምሲኻ ደቂስካ ኣንጊህካ ምትንሳእ ንጥዕና ሓደገኛ'ዩ፡፡ ውሑድ ሰዓታት ምድቃስ ጭንቀትን ሕማም ልብን የስዕብ፡፡ ስለዚ እኹል ዕረፍቲ ንምርካብ ግዜኺ ብማቡእ ኣመሓድርኪ፣ ክሳብ ሸሞንተ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ከምእትድቅሲ ግበሪ፡፡

### ምንቅስቓስ ኣካላት

ኑቲ ኣብ ኣካላትኪ ተኸዚኑ ዘሎ ካሎሪ ንምጥፋእን ስርዓተ ደምኪ ብዝግባእ ስርሑ ንክሰላሰልን ምንቅስቓስ ኣካላት ኣዘውትራ፡፡ ብፍላይ ብዕድሜ ንዝተጠቕዓ ደቀንስትዮ ምንቅስቃስ ኣካላት ከዘውትራ ይግባእ፡፡

### ዓቐን ጨውን ሽኮርን ምፍላጥ

ጨውን ሽኮርን ብዓቐን ክውሰድ ይግባእ፡፡ ምኽንያቱ እንተበዝሐ'ም ካብ ጥቕሞም ጉድኣቶም ስለዝዓብን ንዝተፈላለዩ ሕማማት - ልዑል ጸቕጢ ደም፥ ሕማም ልብን ምውሳኽ ክብደት ሰብነትን ስለዘቃልዕ፡፡

ኣብ ግዜ ጥንሲ ብብዝሒ ዝጋጥም ምርጋእ ደም ኣብ መሓውር ዝርከቡ ሰራውር ንምክልኻል ንውሑድ ደቓይቕ ፈኲስ ምውስዋስ ኣካላት ኣዘውትራ፡፡ ክብደት ሰውነትኪ'ውን ተኸታተልዮ፡፡ ኣመና ምውሳኽ ክብደት ኣብ ግዜ ሕርሲ ከሽግረኪ ይኽእል'ዩ፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቀ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት


ሳምራዊት መለስ   ሰማያዊት ሓይለኣብ
ትንሱእ ፍስሃየ   ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምልክታት ኮሮና ቫይረስ በብደረጃኡ



ምልክታት ኮቪድ-19፡ ንረሰንን ሰዓልን ሓዊሱካ ማለት'ዩ፡ ምስ ምቅይያር ክሊማን ዛሕልን ምስ ዝረኣዩ ልሙዳት ሕማማት ከም ኢንፍልወንዛን ጉንፋዕን ዝመሳሰል እዩ። ኢንፍልወንዛ ብዘለሓ ኣብ ዝረኣየሉ ወቅቲ፡ እቲ ኣብ ሕመማት ዝርአ ናይ ረስኒ ምልክት፡ ናይ ኢንፍልወንዛ ወይ ኮቪድ-19 ምኳኑ ብኸመይ ክተለልዮ ይከኣል?

ኣብ ደቡብ ካሊፎርንያ - ኣመሪካ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ዝ. ናይ ምዝንባዕ ጸገማት ንምልላይ ሓያል መጽናዕቲ ኣካይዱ ደርኩቡ።

እቲ ዩኒቨርሲቲ ምልክታት ኮቪድ -19 ዘለዎ ደረጃታት እዩ ከለሊ ፈቲኑ። ኑቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ቻይና፡ ኣብ ኣመሪካን ብሕማም ኮሮና ቫይረስ ብኸቢድ ኣብ ዝተሃሰየ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳን እዩ ኣካይድዎ። ኮሮና ቫይረስ ንሰባት ምስ ኣጥቅዐ ምልክታት፡ ደረጃኡ ካብ ናይ ኢንፍልወንዛ ዝተፈልየ ምኳኑ እዩ እቲ መጽናዕቲ ዘብርሀ።

***ደረጃ ምልክታት ኮቪድ-19***

ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ ደረጃ ምልክታት ኮቪድ-19 እዚ ዝስዕብ እዩ፦

1. ረስኒ፡
2. ሰዓልን ቃንዛ ጭዋዳን፡
3. ዕግርግር ምግልን ተምላስን፡
4. ወጽኣት፡

"ኢንፍልወንዛ ዝሓመሙ ሰባት መብዛሕትኡ እዋን ቅድሚ ረስኒ ምርኣዮም ክስዕሉ እዮም ዝጅምሩ" ይብል ሓደ ካብቲ ኑቲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ዶክተር ሮበርት ግላተር። ብኮቪድ-19 ዝተጠቕዐ ሰብ ፈለማ ዝርእዮ ምልክት ረስኒ እዩ።

ብረሰንን ደረቕ ሰዓልን ዝጀመረ ሕማም ኮሮና ድሕሪ ሓደ ሰሙን ናይ ምስትንፋስ ጸገም ክስዕብ ከም ዝኽእል እዮም ክኢላታት ዝገልጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ፡ ክሳብ 14 መዓልቲ ዝኸውን ምልክት እቲ ሕማም ከየርኣየ ክጸንሕ ይኽእል እዩ።

ገለ ተመራመርቲ ግን፡ ክሳብ 24 መዓልቲ'ውን ክጸንሕ ከም ዝኽእል ይገልጹ።

ኮሮና ቫይረስ ክሳዕ ክንደይ'ዩ ሓደገኛ?

ውድብ ጥዕና ዓለም ን44,000 ግዳያት ኮሮና ቫይረስ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ዘርግሖ ጸብጻቡ፡

=> 81 ሚእታዊት ፈኲስ ምልክታት የርእዩ፡

=> 14 ሚእታዊት ብርቱዕ ምልክታት የርእዩ፡

=> 5 ሚእታዊት ብጽኑዕ ይሓሙ፡

እቶም ብቲ ሕማም ዝሞቱ ድማ ካብ 1-2 ሚእታዊት እዮም።

ምንጪ፦ health line

## ሓጸርቲ ዜናታት ኮቪድ-19

• ዝሓለፈ ረቡዑ ህንዲ ዝለዓለ መጠን መልከፍቲ ኮሮና ቫይረስ ኣመዝጊባ። ኣብታ መዓልቲ ኣብታ ሃገር ኣስታት 79 ሽሕ ሓደስቲ መልከፍቲ ተረኺቦም። ፡ ብዘለሓ ሕሙማት ኮቪድ-19 ኣብ ህንዲ ልዕሊ 3,853,406 በጺሑ ከም ዘሎ ይንገር።

• ህንዲ ዓጽያቶ ዝጸንሐት መጓዓዝያ ባቡር ኣብዚ ቀንያት ክኸፈት ኣብ ርእሲ ምፍቃዳ ካብ 100 ሰባት ዘይበዝሑ ዝኣከቡሉ ከም ስፖርታውን ሃይማኖታውን ንጥፈታት ከም ዝፍቀደት እውን ጸብጺባት ይሕብሩ።

• ቻይና ካብ ከተማ በይጂንግ ዝዋፈር ዓለም ለኻዊ በረራ ካብ ትማሊ ሓሙስ ክጅምር ፍቓድ ምሃባ ተሓቢሩ ኣሎ። ኣብቲ ናይ መጀመርታ መድረኽ ኣብ ኤስያ ምስ ሃገራት ካምቦዲያ፡ ታይላንድን ፓኪስታንን ኣብ ኤውሮጳ ምስ ሽወደን ዴንማርክን ግሪኽን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ምስ ካናዳ ኣብ ፓስፊክ ከኣ ምስ ኣውስትራልያ ዝራኸብ መስመራት ኣየር ክጅመር ፈቒዳ ኣላ፡ ተሳፈርቲ ኸኣ ካብ ሕማም ኮቪድ 19 ናጻ ምኳኖም ዘረጋግጽ ናይ ምስክር ወረቐት ክሕዙ ትጽበ ይግበረሎም።

• ማእከል ምክልኻል ሕማማት (ሲ.ዲ.ሲ) ኣመሪካ፡ ብሕማም ኮሮና ዝተለኽፈ ሰብ ኣብ ሆስፒታል ክዕቆብ ዘገድድ ሕማም እንተ ዘይብሉ፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ናብ ስራሕ ክምለስ ከም ዝኽእል ርእይቶ የቕርብ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ብሪጣንያ ዝሕተም ሕክምናዊ መጽሄት፡ ምልክታት ቫይረስ ኣርእዩ ዝጸንሐ ሰብ፡ ካብቲ ቫይረስ ጠሪሹ ናጻ ምኳኑ ዘረጋግጽ ዳግማይ መርመራ ቅድሚ ምኪያዱ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ክጸበ ከም ዘለዎ ይገልጽ።

ኣብ መርመራ ናጻ (ነጋቲቭ) ተባሂሎም ካብ ዝነገሮም ሓሙሽተ ሰባት፡ እቲ ሓደ ብጌጋ ናጻ ዝተባህለ (ፎልስ ነጋቲቭ) ኩይኑ ከም ዝርከብ ዘመልከተ እቲ መጽሄት፡ ብዚይ ፍላጥ ንኻልኦት ሰባት ሕማም ክየመሓላልፍ ልዑል ስግኣት ከም ዝፍጠር ኣመልኪቱ።

## ሓለዋ ንጽህናን ሕማም ኮሮናን

ሓለዋ ንጽህና ንሓብራዊ ኩነታት ጥዕና ዝመልከት ኮይኑ፡ ንጽሩይ ቀረብ ዝስተ ማይ ከምኡ'ውን ንግበእ ምቁጽጻርን ምጉሓፍን ረሰሓት የጠቓልል። ኣእዳውና መዓልታዊ ደጋጊምና ብሳሙና ብግቡእ ምሕጻብ እቲ ዝበለጸ ሓለዋ ጽሬት እዩ። ሰባት ገጽ ንገጽ ርክባት ካብ ምኽያድ ምቑጣብ ንባዕሉ'ውን ኣካል ሓለዋ ጽሬት ኮይኑ እዩ ዝግለጽ።



***ሓለዋ ንጽህና - ንምክልኻል ኮሮና ቫይረስ***

ኮሮና ቫይረስ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ሃገረ ቻይና ካብ ዝልለ ንደሓር ክሳብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ሓደ ካብ ዝበለጸ መከላኸሊኡ ንጽህናናን ንጽህና ኣከባቢናን ምሕላው ምኳኑ እዩ ብኽኢላታት ብተደጋጋሚ ዝግለጽ ዘሎ።

ን20 ካልኢት ኣእዳውና ደጋጊምና ክንሕጽብ ይግባእ። ንደቀቕቲ ታህዋሲያን ከጥፍእ ዝኽእል ብሕክምና ዝተለለየ ደረቕ ወይ ፈሳሲ ሳሙና ተጠቒምና ኣእዳውና ክንሓጽብ እዩ ዝምከር።

= መግቢ ቅድሚ ምኽሻንና ወይ ምብላዕና፡



= ዓይኒ ምድሪ ድሕሪ ምጥቃምና፡

= ድሕሪ ፈጥ ምግልና፡ ወይ ምህንጣስናን ምሰዓልናን ኣእዳውና ብዝግቡእ ብማይን ሳሙናን ክንሕጽብ ይግብኣና።

ኣእዳውና ብዝግቡእ ክየጽረና ኣዒንትና፡ ኣፍንጫናን ኣፍናን ደጋጊምና ክንተናኸፍ የብልናን። እቲ ንኮሮና ቫይረስ ዘመሓላልፍ ቫይረስ ምስ ዝለግበና፡ ገጽና በእዳውና ምሓዝ እቲ ቫይረስ ናብ ውሽጢ ሰብነትና ክኣቱ መንገዲ እዩ ዝረኽብ።

***ጽሬት ሞባይል ተሌፎንና ምሕላው***

ምስ ሓያል ምልባዕ ኮሮና ቫይረስ፡ ጽሬት ኣእዳው ምሕላው፡ ኣብ ገዛ ምርጋጥ፡ ብተደጋጋሚ እትትንከፎም ከበቢታት ብዝግቡእ ምጽራይ ካብቶም ዝለዓለ ቀላሕታ ዝወሃቦም ዘሎ ክንክን ሓለዋ ጥዕናን ጽሬትን እዮም። ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ እንትንክፉ ኣብ ከባቢና እትርከብ ኣቕሓ እምበኣር ሞባይል ተሌፎን እያ። 'ትራሰት ሰርስ' ኣብ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ሰፊሮም ካብ ዝርከቡ መጽናዕታት፡ ሓኪካያ ኣብ እንንቀሳቐስ ሞባይል ተሌፎን ብዓይንና ዘይንርእየም ሓያሎ ታህዋሲያን - ከም ቫይረስ፡ ባክተርያን ዕስን - ክሕቆፉ ከም ዝኽእሉ እዮም ዘጽንዑ። ስለዚ፡ ጽሬት ሞባይል ተሌፎን ምሕላው፡ ምልባዕ ኮሮና ቫይረስ ንምግታእ ካብ ዝሕግዙ ኣገባብት ምኳኑ ሰብ ሞያ ጥዕና የመልክቱ።

ኣእዳውካ ኣብ እተጽርየሉ እዋን፡ ሞባይል ተሌፎንካ ምጽራይ'ውን ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኳኑ ኣይትዘንግዖ።

መብዛሕትኦን ሞባይል ተሌፎን ዘፍርያ ኩባንያታት፡ ምስ ምልባዕ ኮሮና ቫይረስ ሞባይል ተሌፎን ንምጽራይ ዝሕግዝ ምኽሪ ክልግሳ ደሪኢያ ኣለዋ።

* ፈኲስ ጨርቂ ተጠቒምና ኑታ ሞባይል ክጽርያ ይከኣል። ኣትሪርና ክንደርዝ ከም ዘይብልና ድማ ይምከር።

* ኣብ እጽርያ እዋን ኑታ ሞባይል ምሉእ ብምሉእ ከጥፍኣ ይግባኣና።

* ብኣልኮል ዝኣምሰሉ ታህዋሲያን ዝቐትሉ በዃቲ ፈሰስቲ ገርና ክንደርዝ ይምከር።

* ዝኾነ ፈሳሲ ናብ ውሽጢ'ታ ሞባይል ክኣቱ ስለ ዘይብሉ፡ ኑቲ መድረዚ ጨርቂ ብማይ ክጠልቅዮ ኣይግባእን።

* ዝንጸግ (spray) ፈሳሲ ጌና ክንሓጽባ ኣይግባእን።

***ኮሮና ቫይረስ ምስ ዝተበከለ ከበቢ ብምትንኻፍውን ይላበ እዩ***

ኮሮና ቫይረስ ብቲ ሕማም ንዝተለኽፈ ሰብ ብምቕራብካ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ቫይረስ ንዘለዎ ከበቢ ብምትንኻፍካ'ውን ይላበ እዩ። መጽናዕትታት ከም ዘመልከትዎ፡ እቲ ቫይረስ ኣብ ቅሉዕ ኣየር ክሳብ 3 ሰዓታት፡ ኣብ ወረቐትን ጥጥን ክሳብ 24 ሰዓታት፡ ኣብ ፕላስቲክን ኣብ ዘይምርት ሓጺንን ክሳብ ሰለስተ መዓልታት ክጸንሕ ይኽእል እዩ።

እቲ ቫይረስ ኣዕሪፉሉ ዘሎ ከበቢ ጠሊ ምስ ዝሀልዎ ነዊሕ ሰዓታት ክሳብ መዓልታት ንኽጸንሕ ዕድል ይረክብ። እቲ ከበቢ ንቑጽ ምስ ዝኸውን ግና ብዙሕ ክጸንሕ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ገዛና ኣብ ክንዲ ክዕጾ መሳኹቲ ክኽፈት ዝበለጸ ይኸውን።

ብተደጋጋሚ እንጥቀመሎም መሳርሒታት ኑቲ ቫይረስ ተኣፊፍቲ እዮም። ክንሰዕል ወይ ክንህንጥስ እንከለና ካብ ውሽጥና ዝወጹ ነጠብጣብ (droplets) ብቐጥታ ወይ'ውን ብመንገዲ ኢድና ኣብ'ቶም ቀጻሊ ንጥቀመሎም መሳርሒታት - ንኣብነት ሰዓት ናይ ማዕጾ መላገም ናይ ኮምፒዩተር ወዘተ ክዓልቡ ይኽእሉ እዮም።

***ኣብ ገዛ ብዝግቡእ ክጽረዩም ዝግብኦም መሳርሒታት***

ሕማም ክስዕቡ ዝኽእሉ ታህዋሲያን ኣብ ክሽንን ዓይኒ ምድርን ዝያዳ እዮም ዝዕቀቡ። ካብ ኣቑሑ ክሽነ ዝያዳ ቀላሕታ ክንገብረሎም ዝግብኦም መሳርሒታት ኣቑሑ ዝቕመጥሉ ከበሕታት፡ ማንካ፡ ፋርኬታ፡ ካራን ካልእ መመገቢ ኣቑሑን ዝቕመጥሉ ተመዛዚዝን እዮም።

ሰዓት ናይ ፍሪጅ፡ ሰዓት ናይ ተመዛዚ (drawer)፡ ሰዓት ናይ ፎርኖ ወይ ምድጃ ወዘተ ብዝግቡእ ክጽረዩ ይግባእ።

ካልኦት ብዝግቡእ ክጽረዩም ዝግብኦም ኣቑሑ ናይ ገዛ፦

* 'ሪሞት' ናይ ተለቪዥን፡ ዲሽ ወዘተ፡

* ናይ ቁልዑ መጻወቲ (game)፡

* መላገም ናይ ኮምፕዩተር፡

* መወልዒ መብራህቲ፡

* ሞባይል ተለፎንን ናይ ገዛ ተለፎንን፡

* መዓጹን ሰዓት መዓጹን፡

* መደገፊ ኣስካላ፡

* ካልእ ብቐጻሊ ንትንክፎን ንጥቀመሉ መሳርሒታትን።

ምንጪ፦ health is wealth

## ግዜያዊ ጸብጻብ ብዛዕባ ምልባዕ ኮሮና ቫይረስ

* ክሳብ 3 መስከረም 2020 ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 26,183,883 ሰባት ብቲ ሕማም ተለኺፎም ኣለው። ካብዚኦም ህይወቶም ናይ ዝሰኣኑ ግዳያት ቁጽሪ ልዕሊ 867,370 በጺሑ ኣሎ። ካብቲ ናይ ዝሓወዩ ሰባት ቁጽሪ ድማ 18,447,851 እዩ።

* ሃገራት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብዝለዉዋ ብዝሓ ግዳያት ሕማም ኮሮና ቫይረስ ኣብ ቅድሚት ተሰሪዓ ትርከብ። ኣብታ ሃገር ልዕሊ 6,290,737 ሰባት ብቲ ሕማም ተለኺፎም ኣለው።

* ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ልዕሊ 189,964 ግዳያት ብሕማም ኮሮና ቫይረስ ህይወቶም ስኢኖም ይርከቡ።

* ኣብ ኣፍሪቃ፡ 1,273,213 ሰባት ክልከፉ እንከለው፡ እተን ሓሙሽተ ብቐዳምነት ዝጥቀሳ ደቡብ ኣፍሪቃ (630,595)፡ ግብጺ (99,280)፡ ሞሮኮ (65,453)፡ ናይጀርያ (54,463) ከምኡ'ውን ኢትዮጵያ (54,409) እየን።

* ኣብ ኣፍሪቃ፡ ብቲ ሕማም ህይወቶም ስኢኖም ናይ ዘለዉ ሰባት ቁጽሪ 30,370 ክኸውን እንከሎ፡ እተን ሓሙሽተ ቀዳምነት ዝጥቀሳ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪቃ (14,389)፡ ግብጺ (5,461)፡ ኣልጀርያ (1,523)፡ ሞሮኮ (1,216) ከምኡ'ውን ናይጀርያ (1,027) እየን።

ምንጪ፦ worldometers.info

# ኣከባቢ

ሳልማን ስራጅ

## ሳዕቤናት ፍርያት ፕላስቲክ ኣብ ብከላ ባሕሪ

ኣገዳስነት ፕላስቲክ ኣብ ዘመናዊ ሂወት፣ ፕላስቲክ ኣብ ምስናዕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ፍርያት ዘለዎ ኣበርክቶ፣ ኣብ ዓለም ብኣማኢት ሚልዮናት ቶን ዝድርበ ናይ ፕላስቲክ ጉሓፍ ዘለዎ ሳዕቤን ከምኡ'ውን ናይ ፕላስቲክ ጓሓፍ ንምውሓድ ክውሰድ ብዛዕባ



ዘለዎ ዝተፈላለየ ስጉምቲ፣ ካብቶም ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ብዝሰፍሐ ዝዘረበሉም ዛዕባታት ኢዮም። በዚ ኣጋጣሚ እምበኣር ፍርያት ፕላስቲክ ኣብ ብከላ ባሕሪ ዘለዎ ሳዕቤን ክንርኢ ኢና።

ኣብ 1992 ኢ.ፌ። ሓንቲ መርከብ ኣቑሑ ጸዒና ካብ ሆንግ ኮንግ ናብ ኣሜሪካ እናተጓዓዘት እንከላ 28 ሽሕ ዝተፈላለየ ፍርያት ፕላስቲክ ኣብ ባሕሪ ወዲቑ ጠፊኡ። እዞም ቅድሚ 28 ዓመት ዝጠሓሉ መጻወቲ ቈልዑ ዝርከቡዎም ዝተፈላለዩ ፍርያት ፕላስቲክ፣ ብማዕበል ተደፊኦም ክሳብ ሕጂ ሓሓሊፎም ኣብ ገማግም ኣየርላንድን ብሪጣንያን ይረኣዩ ከምዝለዉ ይሕበር። እዚ ተርእዮ'ዚ፣ ብዛዕባ ኣብ ባሕሪ ኪጋጥም ዝኽእል ብከላን ብቐሊሉ ዘይምሽምሽ ባህርያት ፕላስቲክን ዝገልጽ ሓደ ኣብነት እዩ።

ብሓፈሻ ኩሉ ናይ ፕላስቲክ ጓሓፍ ጉዳኢ ኮይኑ-ፕላስቲክ ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ፣ ኣዕዋፍ፣ እንስሳ ዘቤታዊ ስብን ዘውርዶ ማህሰይቲ ብብዙሕ ኣገባብ ክጥቀስ ይከኣል። ይኹን እምበር ፕላስቲክ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ ዘስዕቦ ጉድኣት ጠቐሚ'ውን ኣለዎ።

ከም ዝፍለጥ ፕላስቲክ ኣብ ፎቐዱኡ ዝርከብ ርሱሓት'ዩ። ካብ ኣርክቲክ ክሳብ ኣንታርክቲክ ፕላስቲክ ዘይርከቦ ቦታ ዳርጋ የለን እንተ ተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣብ ከተማታት እንተረኣና ማስመሪት ረሳሕ ፈሳሲ ይዓብስ፣ ሜዳታትን ሃገራዊ ፓርክታትን'ውን የጋዕዝ። ፕላስቲክ ኣብ እምባ ኤቨረስ ትኪይተረፈ'ዩ ዘሎ። ኣብ መውዳእታ ድማ ካብ ዘለዎ ቦታ ብማይ ተጸሪጉ ናብ ባሕሪ ስለዝኣቱ፣ ፕላስቲክ ልሙድ (ዓብላሊ) ጓሓፍ ባሕርታት ኮይኑ ይርከብ።

እምበኣር ኣብ ባሕሪ ኩምራታት ናይ ፕላስቲክ ጓሓፍ'ዩ ዘሎ። እዚ ጓሓፍ ካብ ብዙሓ ዝተላዕለ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም ኣብ ዝርከቡ ገማግም ባሕሪ ከንሳፍፍ ምርኣይ ዳርጋ ልሙድ'ዩ ኮይኑ። ብዘይካ'ዚ ናይ ፕላስቲክ ጓሓፍ ኣብ መዓጣ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ኣዕዋፍን ኣብ ከብዲ ልዕሊ ፍርቂ ጉብየ ባሕርን ዝርከብ ኮይኑ፣ ንሂወት ዓሳ ነባሪ'ውን ኣብ ሓደጋ ኣእቲዩዎ ኣሎ።

እዚ ጸገም ብእዋኑ መፍትሒ እንድሕር ዘይተገይሩሉ ድማ ኣብ 2050 ኣብ ባሕሪ ክእከብ ዝኽእል ጓሓፍ ልዕሊ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ወሽጢ'ቲ ባሕሪ ዝነብሩ እንስሳታት ከምዝኸውን ይግመት።

ከምዝፍለጥ ምምራዝ (ፍራኪን) ኣዝ እንኩበረላ ፕላስቲክ ጉዳኢ ኢዩ። ምኽንያቱ


ምምራዝ ማይ፣ ኣየርን ሓመድን'ዩ ዝብከል። ኣከባቢ እንድሕር ተመሪዙ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝነበር ባህርያዊ ምምስራሕ ከውሓ. ሃንፍ ይፈጥር'ሞ፣ ጸቐጢ ብምልዓል ናብ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምዝምርሕ ተመራመርቲ ይገልጹ። ሓደ ካብቶም ኣከባቢ ዝስምሙ ነገራት ድማ ፕላስቲክ ኢዩ። ብፍላይ እቶም ንሓደ እዋን ጥራሕ ከገልግሉ ተባሂሎም ዝስርሑ ከም መሸፈኒ ሶፍት ዝኣመሰሉ ፕላስቲካት፣ ኣብ ምምራዝ ኣከባቢ ዓቢ ግደ'ዩ ዘለዎም።

ምናልባት ፍርያት ፕላስቲክ ንኣከባቢ፣ እንስሳታትን ሰብን ክሳዕ ክንደይ ሓደገኛ ምኳኑ ብዙሓት ኣይኣስተብሃልናን ንኸውን። ንኣብነት እቲ ኣዝዩ ገዚፍ ኢንዱስትሪ ኬሚካል ብሪጣንያ (Ineos) ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ወሲኽካ ኣብ 22 ሃገራት 75 መሳለጥያታት ፍርያት ኣለዎ። ብዘይካ'ቲ ካብኡ ዝወጽእ ናይ ፕላስቲክ ርሱሓት፣ ኣብ መሳለጥያታት ትካል "ኢኖስ" ብብእዋኑ ዘጋጥም ባርዕ፣ ምፍንጃራትን ምልሓኽ ኬሚካልን ድማ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። እቲ ኣብ 2008 ኣብ ኮለን (ጀርመን) ዘጋጠመ ባርዕ ከኣ ናይዚ ሓደ ኣብነት ኢዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ኖርወይ፣ ፈረንሳ፣ ኢጣልያን በልጂዩምን ዘጋጠመ ምልሓኽ ኬሚካል ኣብ ልዕሊ ሰብን ኣትክልትን ዘስዓቦ ማህሰይቲ ቀሊል ኣይኮነን።

ብዘይካ'ዚ ፍርያት ፕላስቲክ ንእንስሳታት'ውን ጉዳኢ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ናይ ፕላስቲክ ርሱሓት ብምብላዕ ጉድኣት ዝወረዶም እንስሳ ዘቤት ኣዝዮም ብዙሓት ኢዮም። ብሰንኩ ናይ ፕላስቲክ ጓሓፍ ግቡእ ምክትታል ክግበረሉ ዝሓትት ሰለማዊ ሰልፊ፣ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት'ዩ ተኻይዱ። እዚ ዘሕዝን ፍጻመ ምስቲ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ዝወርድ ዘሎ ሃሰያ ክጸጸር ከሎ ግን ወሓድ ኢዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ኣስታት 270 ሽሕ ቶን ናይ ፕላስቲክ ርሱሓት ኣብ ባሕሪ የንሳፍፈሉ ኣብ ዘሎ እዋን፣ ሂወት 700 ዓሌት እንስሳታት ባሕሪ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ።

ትሑት ዝዋጋኣም ፎገስትን ተጻዋርነት ዘለዎምን ፕላስቲክ ጠቓሚ ከምዘለዎም ኣይኑሓድን'ዩ። እንተኾነ ወዲ ሰብ ኣብ ሂወቱ ፍርያት ፕላስቲክ ብብዝሒ'ዩ ዝጥቀም ዘሎ። ኣብ ርእሲኡ ዳግም ዝምስራሕ ፕላስቲክ ወሓድ ኮይኑ፣ ንኣከባቢ ዝብከል መርዛም ትሕዝቶ ፕላስቲክ'ውን ቀሊል ብዘይምኳኑ ኣብ ልዕሊ ውሓይዝ፣ ባሕርን ሂወታውያንን ዘወርድ ዘሎ ሃሰያ ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ዘሻቕል ድማ ከም ፕላስቲክ ዝኣመሰሉ ባህርያውያን ዘይኮኑ ነገራት ዘየማሽምሽ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ምኳኑ ኢዩ። ንኣብነት ን15 ደቓይቕ ጥራይ ዘገልግል ናይ ፕላስቲክ ማንካ ንኽምሽምሽ (ንኽሓቅቕ) ልዕሊ 450 ዓመት የድልዮ። እቲ ፕላስቲክ ምስ ካልኦት ቑኢታታት ዝተሓወሰ ምስዝኸውን ድማ ነቲ ምምሽማሽ ዝያዳ በዳሂ ይገብሮ።

ፕላስቲክ ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ ዘውርዶ ብከላ ኣብ ክልተ ክምቀል ይኽእል። እቲ ሓደ ብዓዙፍ መጠን ዘለዎም ፕላስቲክ (ማክሮ ፕላስቲክ) ዝስዕብ ብከላ ኮይኑ፣ ከም ናይ ፕላስቲክ ከረጺት፣ መንገፊ ሽጋራ፣ ብራኳ፣ ኩባያ፣ በያቲ፣ ክዳንን ማስሓቢ ጸሚቕን የጠቓልል። እዚ ድማ እቲ ዝረአ ብከላ ፕላስቲክ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ዓይነት ብከላ ፕላስቲክ ከኣ ኣዝዮም ንኣሽቱ



ማለት ትሕቲ ሓደ ሕምሲት (1/5) ኢንች ዓቐን ብዘለዎም ናይ ፕላስቲክ ርሱሓት ዝስዕብ ኢዩ።

ነዚ ጸገም ንምእላይ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድና እምበኣር፣ ኣሉታዊ ጽልዋ ናይቲ ጸገም ምርዳእ የድሊ። እቲ ብደሆ ድማ ኣብ ምፍራይ'ዩ ዝጅምር፣ እስከ ንገለ ካብቶም ሓቅታት ንርአ።

*ካብ 1950 ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 8.3 በልዮን ቶን ፕላስቲክ'ዩ ፈርዩ። ካብዚ እቲ 6.3 በልዮን ቶን ርሱሓት ኮይኑ ክድርበ ከሎ፣ 9 ሚእታዊት ዳግም ተመስሪሑ፣ 12 ሚእታዊት ተቓጺሉ፣ ዝተረፈ 79 ሚእታዊት ድማ ኣብ ጉናጉዲ ተቐቢሩ። እንተኾነ ዝበዝሐ ፕላስቲክ ዳግም ክምስራሕ ከምዝኽእል'ዩ ዝሕበር።

*ካብቲ ዓመታዊ ዝስራሕ ኣስታት 300 ሚልዮን ቶን ፍርያት ፕላስቲክ፣ ሸሞንተ ሚልዮን ቶን ናብ ባሕሪ'ዩ ዝድርበ።

*ካብቲ ዓመታዊ ዝፈሪ ፕላስቲክ 50 % ንሓደ እዋን ከገልግል ተባሂሉ ክስራሕ ከሎ፣ 26 % ድማ ኣብ ምዕሻግ ፍርያት የገልግል።

*ሓደ ኪሎ ግራም ፕላስቲክ ንምፍራይ ዋጋኡ ካብ 1-2 ዩሮ ይበጽሕ። ሓንቲ ሊትሮ እትሕዝ ብራኳ ንምስራሕ ድማ ካብ 2-3 ሊትሮ ናይ ፕላስቲክ ፈሳሲ የድሊ።

*99 ሚእታዊት ካብ ፕላስቲክ ብኑዳዲ ወይ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ብዘለዎ ኑዳዲ ከምኡ'ውን ብባህርያዊ ጋዝን ከሰልን ከምዝስራሕ ይንገር።

እዚ ሓቅታት እዚ ናብዚ ዝስዕብ ካልእ ብደሆ'ዩ ዝመርሓና።

*እዚ ኩነታት ብኸምዚ ዘለዎ እንድሕር ቀጺሉ ኣብ 2050 ካብ ፍርያት ፕላስቲክ ዝወጽእ ርሱሓት ብኣርባዕተ ዕጽፊ ከምዝውሰኽን ካብኡ እቲ ዳግማይ ዝምስራሕ ሓደ ሰሶ ጥራሕ ከምዝኸውን

*ቻይና፣ ኢንዶነዥያ፣ ፊሊፒንስ፣ ታይላንድን ቬትናምን ንመጻኢ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝያዳ ንባሕሪ ዝብከል ፍርያት ፕላስቲክ ከፍርያ ምኳነን

*ኣብ ዓመት ንሓደ እዋን ጥራይ ከገልግል ተባሂሉ ዝስራሕ ፍርያት ፕላስቲክ፣ ሓሙሽተ ትሪልዮን ክበጽሕ ምኳኑ

*ዜጋታት ልዑል ኣታዊ ዘለወን ሃገራት ዝድርብዩዎ ናይ ፕላስቲክ ርሱሓት ክየብ'ኳ እንተኾነ፣ ምሕደራኡ ክመሓየሽ ምኳኑ

*ብኣንጻሩ እተን ብዙሕ ናይ ፕላስቲክ ርሱሓት ዘይብለን ሃገራት ሰኣን ግቡእ ምእላይ ጓሓፍ ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ ብከላ ከስዕባ ምኳነን

*ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ 14 % ናይ ፕላስቲክ ርሱሓት ጥራይ ዳግማይ ክትምስርሕ ምኳናን ዝተረፈ ኣብ መሬት ክቐብር ምኳኑን ተመራመርቲ ናይቲ ዓውዲ ይገልጹ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ወዲ ሰብ ጽልዋ ከምዘለዎ ርዱእ'ኳ እንተኾነ፣ ኣብ ዝተናወሐ እዋን እንታይ ክስዕብ ከምዝኽእል ግን ንጹር ኣይኮነን። ተመራመርቲ ከምዝዛረቡዎ ኣብ 2050 ኣብ ባሕሪ ብዝሒ ፕላስቲክ ልዕሊ ብዝሒ ዓሳታት ክኸውን ኢዩ። 90 % ካብ ዕሹግ ማይ ከምኡ'ውን ካብ 70 - 90 % ማይ በምባ ጽሕጎ ፕላስቲክ ዝሓዘ ከምዝኸውን ይሕበር። ብተወሳኺ ብሰንክ'ቲ ኣብ ባሕሪ ዝድርበ ናይ ፕላስቲክ ጓሓፍ፣ ኣብ ባሕሪ ዝነብሩ ኣስታት 600 ዓሌት እንስሳታት ንሓደጋ ክቃልዑ ኢዮም። 90 ሚእታዊት ካብ ኣዕዋፍ ባሕሪ'ውን ኣብ ከብደን ወሓድ ዘይኮነ ዓቐን ፕላስቲክ ክህሉ ኢዩ።

ብከላ ፕላስቲክ ኣብ ልዕሊ ወዲ ሰብ ዘውርዶ ዘሎ ማህሰይቲ ብዝምልከት ዛጊት ንጹር ሓበሬታ (ዳታ) እኳ እንተዘይሃለወ፣ ብሰንኩ ኣብ ኣየር፣ ማይን መግብን ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ ግን ቀሊል ዘይምኳኑ'ዩ ዝሕበር። ኣብዚ እዋን ዳርጋ ኩሎም ፍጡራት ባሕሪ ብርሱሓት ፕላስቲክ ዝተለኽፉ ኮይኖም፣ እዚ ብዝተዘዋዋሪ ኣብ ኣመጋግባ ወዲ ሰብ ጽልዋ ኣለዎ።

ፕላስቲክ ንባዕሉ ሓደገኛ'ኳ እንተዘይኮነ፣ ደቀቕቲ ቑኢታታት ፕላስቲክ (ማይክሮ ፕላስቲክ) ግን ጠንቂ ምስማምን ብከላን ክኾኑ ይኽእሉ። ስለዚ ታህዋስያን፣ ጸረ ባልዕን ኣፋውስን ኣብ ባሕሪ እንድሕር ተደርቢዮም ኣብኡ ንዘለዉ እንስሳታት ይብክሉ። ወዲ ሰብ ድማ ነቶም ናይ ባሕሪ እንስሳታት ብምብላዕ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ሆርሞኑ ሃሰያ ይፍጠር። ንቐጻሊ ከምጽኦ ዝኽእል ሳዕቤን ከኣ ንጹር ኣይኮነን።

እዚ ክበሃል ከሎ ግን ሂወትና ኣብ ፕላስቲክ ዝተመስረተ ገለ ሰባት ከምዝለዉ ብምርሳዕ ኣይኮነን። ኣብ ጥምሎዳሽ ዝተጓሕፉ ፕላስቲክ ብምእካብ ሸይጦም ሂወቶም ዝመርሑ ብዙሓት ኢዮም። ኣብ ከም ህንዲ ዝኣመሰላ ሃገራት'ውን ዳግማይ ፕላስቲክ ኣብ ዝምስርሓ ትካላት ተቖጺሮም ዕለተ እንጀራኦም ዝረኽቡ ውሑዳት ኣይኮኑን። ፕላስቲክ ኣብ ዘመናዊ ሂወት ዘለዎ ኣበርክቶ ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፣ ድሕነት ናይቶም ሂወቶም ንሓደጋ ኣቃሊዖም ኣብዚ ዓውዲ ዝጥፍኡ ሰባት ድማ ብዘኾነ ምኽንያት ክዘንጋዕ ዘይግብኦ እዋናዊ ሕቶ'ዩ።

